# ተቛመርቲ ፦ ሕጂኸ እንታይ ክብሉኢዮም

ሕጂኸ እንታይ ክብሉኢዮም
ዞም ተቓመርቲ ሓሶት ዝ ኣመሎም
ብስ ስዐ ዝፈጠጠ ዓይኖም
ንጽቡቕ ምቕባል ሓንጊዶም
መንፈሶም ዘጥፍ ኡ ሃገራዉነቶም
ብርሃን ንብርሃን ኮይኑ ኅደናታት
ዝወደቐ ተልዕለሉ ዝደቐቐ ክንዲ ጣፋት
ዕንጸይቲ ኣብቂዑ ንመጎጎታት
ብ ኤልክትሪክ ተቐይሩ ምስንካት
ማይ ጃሕጃሕ ኢሉ ቡንባታት
እንታይ ይብሉ ቆማራት
ሕማቕ ትምኒቶም ኣንጻር ምዕባለታት
ሃሰስ ዝብሉ ንኽፍ ኣት
ዘየሎ ዘዉርዩ ንዉራማት
መራኸቢ ዘናድዩ ንጹላት
ኣብ ማሕበረሰብ ዘይርከቡ ፍንፉናት
መንደ ኣ ክምዉለኩምዩ ልሙሳት










ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና
ዓወት ንሓፋሽ
ወልዳይ ተኸስተ

መርድእ በጺሕኩምዶ ሞት ማለሊት
ሓመድ ድበዛ ጭፍራ
ከምቲ ዝተባህለ ዊዒላ ሓዲራ
ትዉጠጥ ኣላ ብዝፈሓሰቶ መዓንከራ
መልሕሳ ትማሊ ከምዘይተጃሃራ
ሎሚ ተዓጺፈን ከምዝተቐብራ
ኣኸባ መቐለ ዊዒላ ሓዲራ
ትተፍ ኦ ዝጸንሓቶ ተቓሓሒራ
ትፋናጨል ጭፍራ ብጭፍራ
ጉድጋዳ ትኹዕት መቕበራ
ንሕናሞ ሰጊርናዮቲ መከራ
ንበዓል ኣመሪካ ተመሰላ ዝተባራበራ
ኣመት ጉዳይና ክገብራ
ጻማናዩ ዘይጽዓድ ጽንዓትና
ሳላ ምጽማም ዓቃል ዉድብና
ሃንደራእ ኢሉ ዘጋገ መንግስትና

